## ፊልምታት ብኣጋ ምህናጽ ቛንቋ

ኣብዚ ኣብ ዕለታዊ ኩነታት ንህጻናት ከመይ ጌርኩም ኣብ ምፍላጥ ቛንቋ ክትሕግዝዎም ከምእትኽእሉ ዘብርሁ ሓጻርቲ ፊልምታት ትረኽቡ፣
www.kinder-4.ch

## ተወሰኽቲ ሓበሬታት

ቤተ መጻሕፍቲ ዝተፈላለዩ ባህልታት ኣብ ስዊዘርላንድ፣
www.interbiblio.ch

ግጥምታት ብዝተፈላለዩ ቛንቋታት
www.vers-und-reim.net

Buchstart – መጻሕፍቲ ምርኣይ ምስ ነኣሽቱ ህጻናት
www.buchstart.ch

Schenk mir eine Geschichte – ጽውጽዋያትን ካልእን ብዝተፈላለዩ ቛንቋታት ሰፈርቲ
www.sikjm.ch

## ሕቶታት ኣለውኹም ዶ?

ነቶም ናይ ህጻናትን መንእሰያትን ማእከል ሓገዝኩም (kjz) ተወከስዎም። እቶም ሰብ ሞያ ሰራሕተኛታትና ደስ እንዳበሎም ክሕግዝኹም ኢዮም። ንኩሉኦም ነቑጣታት ምኽሪ ኣብዚ ትረኽብዎም፣ www.kjz.zh.ch

Pädagogische Hochschule Thurgau.
*Lehre Weiterbildung Forschung*

kjz | www.kjz.zh.ch

04/2019

Kanton Zürich
Bildungsdirektion
kjz

# ህጻናት ክዛረቡ ይደልዩ – ምምሃር ቛንቋ ካብ መበገስታ ጀሚርካ ምድጋፍ።

ሓበሬታታት ንወለድን ንሰብ መሰል ምዕባይን



Tigrinya | ትግርኛ

## ስለምንታይ ኢዩ ቋንቋ ካብ መበገስታ ክሳብ ክንድዚ ዘገድስ?

ህጻናት ኩሉ ጊዜን ኣብ ኩሉ ቦታን ቋንቋ የድልዮም ፣ ኣብ ስድራ ቤት፣ ኣብ እዋን ጸወታ ምስ ካልኦታ ህጻናትን ኣብ ምጽናዕ ኣብ ቤት ትምህርትን። ድሓር እዋን ብቑዕ ክእለት ቋንቋ ምስ ዓበኻ ርእስኻ ክትክእልን ዕዉት ንክትከውንን ይሕግዝ። ነዚ እቶም ቀዳሞት ዓመታት ሂወት ኣዝዮም ኣገደስቲ ኢዮም። ነዚ ዕድል እዚ ተጠቀምሉ!

## እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?

ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ቋንቋ ንምምሃር ብዙሕ ዕድላት ይህበና።እዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ነጥብታት፣ ብከመይ ንውላድኩም ብምስትውዓል ከተሰንይዎን ክትድግፍዎን ከምእትኽእሉ የብርህልኩም።

### 1. ኣብ ዕለታዊ ሂወት ብዙሕ ምስ ነንሕድሕድ ምዕላል

ብዙሕ ጊዜ ምስ ውላድኩም ተዛረቡ። ብዙሕ ኣጋጣሚታት ኣሎ፣ ክዳኑ ክትቅይሩሉ ከለኹም፣ ስፐዛ ክትዕድጉ ከለኹም ወይ ከኣ ኣብ ባቡር። ህጻናት ምስ ዓበይቲ ምዕላል የድልዮም ኢዩ።

- ነነዋሕቲ ዕላላት ጊዜ መድቡ።
- እቲ ኣገዳሲ ንክትረዳዱ ኢዩ ፣ ጌጋታት ኣብ እዋን ዘረባ ክሳብ ክንድዚ ዘሰናኽሉ ኣይኮኑን።

### 2. ውላድኩም ምስ ካልኦት ህጻናት ከምዝዘራርብ ግበሩ

ህጻናት ኣብ ጊዜ ጸወታ ብዙሕ ይመሃሩ፣ ምዝራብ እውን። ነዚ ምስ ካልኦት ቃልዕ ምቕራብን ጊዜ ንምጽዋትን የድልዮም።

- ውላድኩም ብዙሕ እዋን ምስ ካልኦት ቆልዑት ንክጻወት ዕድል ክምዝረክብ ግበሩ።
- ንደቅኹም ንተገዳስነት ንሓሳባት ጸወታን ቦታ ሃብዎም።

### 3. ንቆልዑ ብልክዕ ምርዳእ

ህጻናት ዝዛረቡ፣ ንዓና ገለ ነገር ክነግሩና ስለዝደልዩ ኢዩ። ንውላድኩም ጊዜ ክትህብዎምን ብደንቢ ክትሰምዕዎን ኣገዳሲ ኢዩ።

- ውላድኩም ንክዛረብ ኣተባብዕዎ።
- ተገዳስነት ኣርኢዩን፣ ክሳብ ብልክዕ እትርድእዎ ሕቶታት ሕተቱን።

### 4. ቋንቋ ብብዙሕ መዳያት ምጥቃም

ብቋንቋ ብዙሕ ነገራት ክትፍጽሙ ትኽእሉ ኢኹም፣ ዘሕለፍኩምዎ ምዕላል፣ ሓደ ዛንታ ምንጋር፣ ዓላም ምብራህ። ነዚ ጊዜ ይሃልኹም፣ እዚ ንውላድኩም ብጣዕሚጠቓሚ ኢዩ።

- ብዛዕባ ንውላድኩም ዘገድስዎ ነገራት ተዛረቡ።
- ብዛዕባ ሓሳባት ወይ ስምዒታት እውን ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።
- ነዋሕቲ ናይ ዕላላት ፈትልታት ፍተሉ።

### 5. ምልክታት፣ ፊደላትን ሚድያን ምልላይ

ኣብ ኩሉ ጽሑፋትን ምልክታትን ኣለዉ፣ኣብ ሰሌዳታት፣ ኣብ መጽሓፍቲ፣ኣብ ስክሪን ኮምፒዩተር። ብሓገዝኩም ውላድኩም ነዚኦም ነገራት ብዝበለጸ ክርድኦምን ክጥቀመሎምን ይኽእል። እዚ ኣብ ዳሕረዋይ እዋን ኣብ ቤት ትምህርትን ኣብ ናይ ኮምፒዩተር ዓለም ንምጽሓፍን ንምንባብን ይሕግዝ።

- ሓቢርኩም ስእላዊ መጽሓፍቲ ርኣዩን ብዛዕብኡ ኣዕልሉን።
- ደቅኹም ቲቪ፣ ሀንዲ ወይ ኮምፒዩተር ዝጠቀሙ እንተኾይኖም ፣ ኣብ ዝጥቀሙሎም እዋን ኣሰንይዎምን ንዲጂታላዊ ሚድያ ኣረድእዎምን።

### 6. በቲ ኣዚኹም እትመልክዎ ቋንቋ ተዛረቡ

ብዙሓት ቋንቋታት ምዝራብ፣ ንህጻናት ሓደ ዓቢይ ዕድል ኢዩ። እዚ ግድነት ጀርመን ክኸውን የብሉን። ውላድኩም ቋንቋ ጀርመን ምስ ቋንቋ ጀርመን ተዛረብቲ ብምቅርራብ ክመሃሮ ኢዩ። ንኣብነት ምስ ካልኦት ቆልዑ ኣብ መዋእለ ህጻናት፣ ኣብ ጉጅለ ጸወታ ወይ ከኣ መውዓሊ ስድራ ቤት። እዚ ኣብ ምጅማር ኣብ ኣዚሎን ኣብ ቤት ትምህርትን ይሕግዝ።

- ብቋንቋኹም ምስ ውላድኩም ብዛዕባ እቶም ዘገድስኹምን ደስ ዝብልኹምን ነገራት ኣዕልሉ።
- ንውላድኩም ብኣጋ ምስ ቋንቋ ጀርመን ዝዛረቡ ቆልዑ ከምዝጻወት ግበሩ።



